


**ሻምላኻ ምዘዝ**




እቲ ናይ ትግሊ ስሑል ጉራደ
ክሳድ ሓያላት ዝቀርደደ
ኣብ ክሳዶም ኣውዕላ ነቶም ጉራ ምራ
ነቶም ሰብ ሰግር ጎደቦ
ጽርዲ ካብ ትግሊ ዓንቶቦ
ነቶም ደቂ ኣንድነት ፍጮ ጫሌዳ
ዕጹፋት ኣብራኸ ሕሉቓት ዳንጋ
ሻምላኻ ምዘዝ ኣውርዳ ካብ ሰንቀ
ኣቃብጾም ነቶም ሕልንኦም ዝተጸንቀቐ
ሕሰምካ ዝምነዩ ጸሓዮም ዘዕረቡ
ብቕልውላው ዝተሓመሱ ብተርባጽ ዝዘቕበቡ
ትግሊ ኣንድነታውያን ሎሚ ኮራኩር ጭፍራ
ሕሉቓት ረሲኣን ደቂ እኪይ ሺላ
መልዓልቲ ቅሙጥ ነውራማት እኒ ዳፍላ
ምዘዘሎም እታ በላሕ ጭማራ ቀጻዊት ሻምላ
ደግሲ ሕዱር ሕማም ኣውራጃዊ ሒቕታ
ጸደፍደፍ ዝብሉ ንረብሓ ንቑንጣሮ ምጽወታ
ሴፍካ ምዘዘሎም ሻምላ ኣባ ጥመር ባህታ
ጉራዴኻ ምዘዝ ወዲ ኣቶ ወልድኣብ እንዲኻ ታ
ወዲ ዕስማን ቡሬ ወዲ ሃኪቶ ራእሲ ተሰማ
ወዲ ሸኽ ኢብራሂም ጽኑዓት ሰብ ዕላማ
ወዲ እቶም ጀጋኑ እንዲኻ ምዙዝ ሻምልኡ
ሓድጊ ኣናብስ ዘየድፍር ርስቲ ዓደ ቡኡ ስሑል ብዓንቶቡኡ
ሴፍካ ምዘዝ ቀንጥቦም ነቶም ቃንጥሻ ምሮር
ተቛመርቲ ሕሙሳት ሸየጥቲ ክብሪ ሃገር
ንዝርገት ሓድነትካ ቅዱስ ሃይማኖትካ ዘራኸሱ
ቀስቅሶም ነቶም ወኻሩ ቆርበት በጊዕ ዝለበሱ
ወዲ እቶም ንኽብሪ መሬት ዝሓለፉ
በጃይን በጃኻን ገናሽል ምባእ ዝተሰየፉ
ሓው እቶም ጀጋኑ እንዲኻ ሃገር ዘውሓሱ ኣናብስ
ቀስቅሶም ነቶም ዝሩጋት ቅኒቶም ሕሙስ
ጥምርትካ ጽንዓትካ ኮሶ ዓንዴል ኮይንዎም
ሓድነትካ ምስጢር ዓወትካ ማይ የሕቁንዎም
ስምረትካ ውህደትካ ጨው ባዳ ኣጨሊጥዎም
ሕጂ ውን ሃየ ንኽስ ወገነይ ሻምላኻ ምዘዘሎም
ሃየ ወዲ ሃገር ኣትኩሮኻ ኣዛይድ
ቀስቃሲት ሴፍካ ካብ ሰንቀ ኣውርድ
ጥግንግን ዝብሉ መኹዘዘይቲ እኒ
ቃርማ
ላዓት ሻምላኻ ኣጽንዕ ሎሚ ውን ከም ቀደማ

ዓወት ንሓፋሽ
ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ)
**24/04/ 2017** ጀርመን